
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ኢሳይያስ ንመጻኢ ይርኢ




ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Jonathan Hay

ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.

ተርጋሚ:- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ



ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org





©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣




ኢሳይያስ ነብዩ እዩ ነይሩ፡ ኣገልግሎቱ ድማ ንሰባት ኣምላኽ ዝበሎ ምንጋር እዩ ነይሩ፡ ሰባት ብዙሕ ግዜ ቃል ኣምላኽ ክሰምዑ ኣይደልዩን ኢዮም፡ ኢሳይያስ ግን ንኣምላኽ ፈጺሙ ኣየሕለፎን፡ ኣብ ዘመነ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ነገስታት ድማ ቃል ኣምላኽ መስኪሩ፡




ንጉስ ዑዝያ ኣብ ከተማ ኢየሩሳሌም ኮይኑ ንምድሪ ይሁዳ ይገዝእ ነበረ፡ ዑዝያ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ስለ ዝገበረ ይባረኽ ነይሩ፡ ዳሓር ብትዕቢት ንኣምላኽ ምእዛዝ ኣቋረጸ፡ በዚ ድማ ለምጺ ሒዝዎ ክሳዕ ዝመውት በይኑ ኺነብር ተገደደ።
3
UZZIAH
ንጉስ ዑዝያ ንልዕሊ 60 ዓመት ነገሰ፡ ምስ ሞተ ድማ ዮታም ወዱ ኣብ ክንድኡ ንዓሰርተ ሹብዓተ ዓመት ነገሰ፡ እግዚኣብሔር ንዮታም ብኢሳይያስን ብኻልኦት ነብያትን ኣቢሉ ዝብሎ ስለ ዝሰምዖ ዝነበረ ይባርኾ ነይሩ።
4
ወዲ ንጉስ ዮታም ድማ ኣካዝ ነበረ፡ ኣካዝ ኪነግስ ከሎ ወዲ ዕስራ ዓመት ነበረ፡ ኣብ ኢየሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሽዱሽተ ዓመት ነገሰ፡ ኣካዝ ብዛዕባ ኣምላኽ ኣይግደስን ነበረ፡ ንጣኦታትን ን ናይ ሓሶት ኣማልኽትን ድማ የምልኽ ነበረ፣ ንብዙሓት ህዝቢ ኣምላኽ እውን ከምኡ ኺገብሩ መሪሕዎም እዩ። ኢሳይያስ እኳ እንተ ኣጠንቀቐ፡ ኣካዝ ግን መጠንቀቕታ ኣምላኽ ኣይሰምዕን ነበረ፡ ወዲ 35 ዓመት ጥራይ ከሎ ድማ ሞተ።
5
ኣምላኽ ነቲ ቀጺሉ ዝመጸ ንጉስ ህዝቅያስ ባረኾ፡ ምኽንያቱ ንኹሎም ጣኦታትን ናይ ሓሶት ኣማልኽትን ስለ ዘልገሶም፡ ናብቲ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ድማ ስለ ዝጸለየ፡ ሰራዊት ጸላኢ ንይሁዳ ምስ ኣጥቅዓ፡ ህዝቅያስ እቲ ሰራዊቱ ኣዝዩ ድኹም ምዃኑ ስለ ዝፈለጠ፡ ክዕወት ከም ዘይክእል ተረድአ ንኢሳይያስ ድማ ሓገዝ ካብ ኣምላኽ ክረክብ ክጽልየሉ ሓተቶ።
6
ኢሳይያስ ድማ እዚ መልእኽቲ ናብ ንጉስ ሰደደ፡ "እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነዚ ጸላኢ እዚ ኣይትፍርሓዮ … ኣነ ከም ዝሰዓር ክገብሮ እየ …" በሎ፡ ብኡብኡ ድማ ኣምላኽ ነቲ ሰራዊት ንህዝቅያስ ከይተዋግአ ክሃድም ገበሮ።
7
ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ሰባት ብዛዕባ እግዚኣብሔር ብዙሕ ዘይሓስቡ እኳ እንተነበሩ፡
ኢሳያስ ግን ብዛዕባኡ ብዙሕ ይሓስብ ነበረ፡ ሓደ መዓልቲ፡ ራእይ ተራእዮ፡ እዚ ማለት ከይደቀሰካ ከም ምሕላም ማለት እዩ፡ ኣብቲ ራእይ ኢሳይያስ እግዚኣብሄር ክሳዕ ክንደይ ክቡርን ቅዱስን ምዃኑ ርኣየ።
8


"ንመን ክሰድድ" ኢሉ ኣምላኽ
ኣብቲ ራእይ ሓተተ፡ ኢሳይያስ ድማ
"እንሆ ንዓይ ስደደኒ" ኢሉ ድማ
ኢሳያስ መለሰሉ፡ ኣምላኽ ዝሓተቶ
ዘበለ ክገብር ፍቓደኛ ነበረ፣ ኣምላኽ
ናብ ዝለኣኾ ክኸይድ
ውን ፍቓደኛ ነበረ።
9
ምናልባት ኢሳይያስ ኣምላኽ ናብቶም ብዛዕባ ኣምላኽ ዘይሰምዑ
ርሑቓት ሰባት ዝሰዶ መሲልዎ ነይሩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡ ግን
ኣይፋልን ኣምላኽ ከምኡ ኣይገበረን፡ ንኢሳይያስ ኣብ ሃገሩ ንዘለዉ
ህዝቡ ክዛረብ ነገሮ፡ ኣምላኽ በቲ ዝገበርዎ ሓጢኣት ከም እተቘጥዐ
ኺነግሮም ነበሮ።
10
ካልእ ውን ኢሳይያስ ንህዝቡ ክነግሮም ዝተነገሮ ዘደንቕ ነገራት፡ ብዛዕባ ሓደ
ሓያልን ካብ ሓጢኣትን ካብ ኩሎም ጸላእቶምን ዘድሕንን፡ ሓራ ዘውጽእን ሰብ
ኢዩ። ህዝቢ ኣይሁድ ነዚ ሰብ እዚ "መሲሕ" ይብልዎ፡ ኣምላኽ ንመሲሕ
ኪሰዶ እኳ እንተ ተጸበዩ፡ ብዙሓት ሰባት
ግን ክነብሩ ከሎዉ፡
ምምጻእ ናይቲ
መሲሕ
ከም ዝጽበዩ
ኮይኖም
ኣይነብሩን
ነይሮም።
11
ኩሉ እቲ ኢሳይያስ
ብዛዕባ እቲ መሲሕ
ዝበሎ ኣብ መጽሓፉ
ተጻሒፉ ኣሎ፡ ነዚ
ነገራት እዚ ቅድሚ
ምፍጻሙ ኣማኢት
ዓመታት ዝጸሓፎ
እኳ እንተ ኾነ፡
ኢሳይያስ ብዛዕባ
እቲ መሲሕ
እተዛረቦ ኩሉ
ሓቂ ነይሩ።
BOOK OF THE PROPHET ISAIAH
12
ኢሳይያስ ኣምላኽ ባዕሉ ምልክት
ክህብ እዩ ኢሉ ተዛረበ፡
ንሱ ድማ "እንሆ ድንግል ወዲ
ክትወልድ እያ ኣማኑኤል ድማ ክትሰምዮ
እያ" በለ፡ ሰባት ኢሳይያስ ብዛዕባ መሲሕ
ኣምላኽ ከም ዝዛረብ ዘሎ ይፈልጡ
ነይሮም ምኽንያቱ ድንግል ሰበይቲ፡
ውላድ ክትወልድ ስለ
ዘይትኽእል፡ ከምኡ ውን
ኣማኑኤል ዝብል ስም ኣምላኽ
ምሳና ማለት ስለ ዝኾነ።
13
"ምኽንያቱ ውሉድ ተወሊዱልና፡ ወዲ
ተዋሂቡና፡ መንግስቱ ድማ ኣብ መንኮቡ
ኪኸውን እዩ፡ ስሙ ድማ ድንቂ መኻሪ፡
ሓያል ኣምላኽ፡ ዘለኣለማዊ ኣቦ፡ መስፍን
ሰላም ክበሃል እዩ።" ኢሳይያስ ነቲ ተስፋ
ኣምላኽ ከም ዝፍጸም ኣዝዩ ርግጸኛ ስለ
ዝነበረ፡ እቲ ፍጻመ ድሮ ከም ዘጋጠመ ገይሩ
ኢዩ ዝተዛረበ፡ እዚ ድማ ትንቢት ይበሃል።
14

ኢሳያስ እቲ መሲሕ ዓብይ ከም ዝኾውንን ዓበይቲ ነገራት ከም ዝገብርን ተዛረበ፡ ከምኡ ውን ኣምላኽ ንኢሳይያስ እቲ መሲሕ መከራ ከም ዝቕበልን ከም ዚቕተልን ነቶም ህዝቢ ኺነግሮም ተዛረቦ፡ ኢሳያስ ከመይ ኢሉ መሲሕ ዓብይን ሓያልን ከሎ ድኹምን ዝቅጥቀጥን ኢሉ ምስ እግዚአብሔር ኣይተኸራኸረን፡ እቲ እግዚአብሔር ዝበሎ ኢዩ ዝደገመ፡ ኣምላኽ ድማ እቲ ትንቢት ከም ዝፍጸም ከገብሮ ኢዩ።



15

እቲ ዝመጽእ መሲሕ ንህዝቢ ኣይሁድ ጥራይ ኣይነበረን፡ ኣምላኽ ንኢሳያስ እቲ መሲሕ “ንኣህዛብ ብርሃን” ከም ዝኾውን ነገሮ፡ ኣህዛብ ማለት ኩሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ኣይሁድ ዘይኮኑ ሰባት ኢዮም፡ እግዚኣብሄር ንኹሉ የፍቅር እዩ፡ እቲ መሲሕ ኣምላክ ውን ንኹሉ ክባርኽን፡ ምድሓን ናብ ወሰን ምድሪ ከብጽሕ ኢዩ ዝመጽእ።



16


ኢሳይያስ ንመጻኢ ይርእይ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ኢሳይያስ 1, 6, 7, 9, 53

˝ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።˝ መዝሙር 119፣130

17




27

60

18

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16

19